# ብምኽንያት ጥርጣረ ኦሚክሮን መቃርብቲ ኣብ ውሸባ-ለብዒ ክኣትው ይግደዱ

## ንመቃርብቲ ብኦሚክሮን ዝተለብዑ ሰባት ዝምልከት ውሸባ-ለብዒ ዝብል ጠለብ እውን ንክተኣታቶ መንግስቲ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ። ክሳብ ሎሚ ከምዚ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ግዴታዊ ውሸባ ነቶም ኣብ ሓደ ቤት ዝቕመጡ ኣባላት ቤትን ንተመሳሰልቲ መቕርባንን ኢዩ ክምልከት ጸኒሑ።

ብኦሚክሮን ተለቢዑ ተባሂሉ ተገሚቱ ወይ ተረጋጊጹ ንክግለል ዝተኣዘዘ ሰብ ንዝቐረቡ መቃርብቲ ን10 መዓልታት ኣብ ውሸባ-ለብዒ ክውሸቡ ኣለዎም። ጸኒሑ እቲ ዝተለብዐ ሰብ ብዓይነት ቫይረስ ኦሚክሮን ከምዘይተለብዐ ምስ ዝረጋገጽ ንክውሸብ ዘሎ ግዴታ የብቅዕ።

- [Definisjon av nærkontakt (FHI)/**መረዳእታ መቃርብቲ**]()

### ኩሎም መቃርብቲ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋንን ጸኒሖም ኣብ 7ይ መዓልቲ ድሕሪ ዝተኻየደ ምቅርራብን መርመራ- PCR ክምርመሩ ኣለዎም። ኣብ 7ይ መዓልቶም ተመርሚሮም ኣሉታዊ መልሲ ምስ ዘርእዩ ውሸባኦም ከብቅዕ ይኽእል።

–ብዓይነት ቫይረስ ኦሚክሮን ንዝኽሰት ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምግታእ ግደ ክህልውዎ ዝኽእሉ ስጒምቲታት ንከነታኣታቱ ግድን ኢዩ። ንካልኦት መቃርብቲ ዝምልከት ውሸባ-ለብዒ ይናዋሕ ብምህላው ከም ክሩር ቅጥዒ ክስምዖም ይኽእል ይኹውን'ዩ፡ ጉኒፉና ዘሎ ኩነት ዕቱብ ኢዩ፡ ብዛዕባ እቲ ዓይነት ቫይረስ ዘለና ኣፍልጦ ድማ ኣየተኣማምንን ኢዩ ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪል ቫርኮል።

ሕጂ ምስ ካልኦት ምርኽኻብን ምቅርርባን ከነኪ ዝኽእል ስጒምቲታት ይተኣታቶ ብምህላው፡ ዝራኸቡ ዘባት ክውሕዱ ብምኺኖም ንኡሳን ዘባታት ዘካይድኦ ዕማም ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ከይተቓለለ ኣይተርፍን ኢዩ። ብኦሚክሮን ከም ዝተለብዑ ኣብ ዘይጥርጠረሉ ኣጋጣሚታት ዝተኣታቶ ውሸባ-ለብዒ እውን ኣይክህሉን ኢዩ። ብኦሚክሮን ከም ዝተለብዑ ኣብ ዘይጥርጠረሉ ኣጋጣሚታት ዝምልከቶም መቃርብቲ ልቡዓን እንታይ ክግበሩ ከም ዘለዎም ብዝብል
[ንዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ገጽ መርበብ ሓበሬታ FHI ተወከስ/kan du lese mer om på FHIs nettsider.]()

–እዚ ማለት ከኣ ንገለ ቅንያት ብኽልተ ዝተፋላለዩ ኣገባብ ስርዓታት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሸባን ክንክተል ክንጸንሕ ኢና፡ እቲ ሓደ ኣገባብ ስርዓት ንለብዒ ኦሚክሮን ዝምልከት ኰይኑ፡ እቲ ካልእ ኣገባብ ስርዓት ከኣ ንካልኦት ዓይነታት ለብዒ ይኸውን ኣሎ። ብወገነይ ንስትራተጂ ስርዓታት መርመራ፡ ግለላ፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሸባን ባዕለይ ኣብ ስትራተጂ ለብዒ ብምሙርኳስ ቀጻሊ ብጥብቂ ክከታተሎ ኢየ ብምባል ሚኒስተር ሻርኮል ብወገና ተመልክተልና።